# ደወል ሰላም ኣብ ከተ ማ ከለን

ካብ ዕለት 26.04.2014 ክሳብ ዕለት 27.04.2014 ንኽልተ መዓልቲ ዝተኻየደ ብካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ክርስቲ ቭርክሌሩንግን ብምምሕዳር ከተማ ከለን ዞባ ኮርቫይለር ዝተመደበ ናይ ሰላም ደወል ዝብል ዛዕባ ሒዙ ንኹለን ኣብቲ ከባቢ እቲ ከተማ ዘለዋ ንተፈላለያ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን (ፓርትታት) ናይ ሃገራት ሰበስልጣናትን ማሕበረ ኮማት ዕድመ ብምግባር በዓል ተኻይዱ።

ማሕበረ ኮም ከለን ከኣ ከም ኩለን ካልኦት ማሕበራት እዚ ዕላዊ ዕድመ ስለ ዝበጽሓ ኣብቲ በዓል ተሳቲፉ ነይራ። እቲ ዕላማ ምስ እዚ ኣብ ዩክረይን ዝካየድ ዘሎ ወጥርታት ኮይኑ ብሓፈሽኡ ኸኣ ሰላም ናይ ምህላው ዝህብ ሓበሬታ ኔርዎ። ህዝቢ ኤርትራ'ውን ድሕሪ ናይ ፍርቂ ዘመን ብረታዊን ሰነ ኣእሙራይን ቃልሲ ንተጻባእቲ በዲሁ ልዕል ዝኮነ ሃገራዊ ናጽነቱ ጨቢጡ ኣብ ቅሳነት ዝሰፈኖ ሰላም ይነብር ብምህላዉ ፡ ዋጋ ሰላም ኣጸቢቑ ስለ ዘስተማቕሮን ወትሩ ደላይ ሰላም ስለ ዝኾነ ፡ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ነዚ መሰርት ብምግባር ንተገበረላ ዕድመ ተቐቢላ ንህዝባን ሃገራን ወኪላ ኣብቲ ቅዱስ ዕላማ ተሳቲፋ።

እቲ ኣገባብ ኣብ ዕለት 26.04.2014 ዝተገብረ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ። እታ ናይ ሰላም ደወል በተን ኣብቲ ከባቢ ናይቲ ከተማ ዝነብራ ዝተፈላለያ ወከልቲ ማሕበራት ይኹና ሃገራት ከካብ ሃገረን ሓመድ የምጽኣ እሞ እቲ ሓመድ ብግቡእ ተባዲጡ ነታ ደወል ይሸፍና ። ማሕበረ ኮምና ውን ሓመድ ካብ ኤርትራ ብምምጻእን እታ መስዋእቲ እተኸፍለላ ክብርቲ ባዴራ ሃገረ ኤርትራ ማዕረ ናይተን ኣብቲ መደብ ተኻፈለን ዝነበራ ሃገራት ዓለም ሰሪዓ ነቲ ዕማም ብግቡእ ኣተግቢራቶ።

ብድሕርዚ ንጽብሒቱ ዕለት 27.04.2014 እታ ናይ ሰላም ደወል ብጭቃ ናይ ብዙሓት ሃገራት ተጠፍዓት ፡ ካብ ተቐቢራትሉ ዝነበረ ቦታ ኣውጺኦም ኣብ መድረኽ ብምስቃል ንህዝቢ ተቓልዐት። ኣብ ቅድሚ እቲ ኹሉ ደላይን ደጋፊ ሰላምን ዝኾነ ተሳፋታፍይ መደብ ነታ ናይ ሰላም ደወል : ሓላፊት ምምሕዳር ከተማ ከለን ዞባ ኮርቫለርን ቡርገር ማይስትር ፍራው ኮርኔሊ ቪትሰክ ዩንግ ን : መራሕ ሃይማኖት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ፓስቶር ራልፍ ኖየንኪርሼን ነታ ፍርቂ ሜትሮ ዝምንዋሓ 74 ኪ.ግ. ዝኸብደታ ደወል ቃጨልዋ ። ስዒቡ እቲ ኩሉ ህዝቢ ውን በብተራ ነታ ደወል ንኽቃጭል ዕድል ኣብ ዝተዋህበሉ፡ ኣቶ ኣስመላሽ ተስፋይን ኣቦ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ፡ ኣቶ እስቲፋኖስ ወልደማርያምን ኣቶ ኢድሪስ ዓብደላን ወከልቲ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ኣብ ምምሕዳር ከተማ ከለን ዞባ ኮርቫይለር ንእርትራውያን ተሳተፍቲ በዓል መሪሖም ናይ ሰላም ደወል ምቅጫል ቀጸሉ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ብተሳተፍቲ ነታ መደብ ዝካየዳላ ሜዳ ኣመልኪቶም እዛ ቦታ'ዚኣ ዓመት ዓመት ናይ ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ተፈላለያ ሃገራትን ማሕበራትን ባህላውን ማሕበራውን ጉዳይቶም ብሰላምን ውህደትን ስኒትን ብሓባር እንዋሰኡላን ሰላምዊት ሜዳ ብምዃና ፡ ንዝመጽእ መጸዋዕኣ ኣብ ከንዲ ክሳብ ሕጂ ዘሎ ፓሪሳ ፕላትስ (Pariser Platz) ፡ ዝብል መጸውዒ ብሜዳ ሰላም (Friedenplatz/ፍሪድን ፕላትስ) ንኽትካእ ንዝብል ዝቐረበ ርእይቶ ፡ ኣማሓዳሪት ናይቲ ዞባ ነቲ ዝቐረበ ሓሳባት ኣድኒቓ ብምቕባል ፡ ኣብ ምምሕዳራ ኣዘትያ ንኽተተግብሮ ጻዕሪ ከም እተካይድ ቃል ኣተወት።

ኣብዚ ብዓል'ዚ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ማዕረ ኩለን ንተፈላለያ ሃገራትን ማሕበራትን ኣብቲ መደብ ተሳቲፈን ዝነበራ ባህላዊ ቡንን ቁርስን ብምቕራብ ኣታዊኡ ድማ ነቲ ቅዱስ ዓላማ ናይ ሰላም ደወል ከተበርክት ከላ፡ ብተወሳኺ ድማ ኣባላት ማሕበረኮም ንሃገሮም ምስ ወጻእትኛታት ናይ ምልላይን፡ ኣድላይ ንኤርትራ ቅኑዕን ልክዕን ስእሊ ዘርኢ መብርህን ፡ ሓበሬታዊ ጽሑፋት ናይ ምዕዳልን ንጥፈታት ኣካየዱ።

መደብ ብዓል ናይ ሰላም ደወል ኣብ ከተማ ከለን ሰምበት ዕለት 27.4.14 ሰዓት 4.00 ደ.ቀ. ተዛዚሙ።

ክፍሊ ሓበሬታ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን